ERITREAN ORTODOX CHURCH DIOCESE OF NORTH AMERICA
ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ

10ይ ዓመታዊ ጉባኤ ቅድስት ስላሴ ስያትል
10–13 ሓምለ 2008 ኣ.ፈ

# ብርግጽ ክመጽእ እዩ። ኣይክድንጉን ድማ እዩ።
# እንተ ደንጎየ እኳ ተጸበዮ!

እንባቆም 2፡3

1. ሀ. ጠንቂ ባእስን ክርክርን እንታይ እዩ?
   ለ. ሕጊ ብኸመይ እዩ ዝደክም?
   ሐ. ሳዕቤን ሕጊ ምድካምከ እንታይ እዩ?

2. ሀ. ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣሎ።
   ለ. ባእስን ክርክርን ኣብ ኩሉ ይለዓል ኣሎ
   ሐ. ዓማጺ ንጻድቕ ይብለጸሉ ኣሎ።

3. ሀ. ሕጊ ደኸመ።
   ለ. ፍትሒውን ጠፍአ።
   ሐ. ፍርዲውን ቀነነ።

ልዕልና ብትሕትና፡ ጥልመት ብእምነት፡ ጉርሒ ብፍትሒ እንተ ዝትካእ ዓለምና ኣብ ክንዲ ኲናት ቅሳነት ምመልአት።

ብቀሺ ሓለፎም ዓንደማርያም
ቅዱስ ገብርኤል ኒው ዮርክ

## ብርግጽ ክመጽእ እዩ። ኣይክድንጉን ድማ እዩ።
## እንተ ደንጎየ እኳ ተጸበዮ! እንባቆም 2፡3

1. ሀ. ጠንቂ ባእስን ክርክርን እንታይ እዩ? = ኣንነት።
   - ❖ ኣንነት ሰይጣን ➔ ማዕረ ኣምላኽ እየ፡ ራ/ዮሓ 12፡7-9
   - ❖ ኣንነት ቃየል ➔ ልዕሊ ኣቤል እየ፡ ዘፍ 4፡6-8
   - ❖ ኣንነት ሳኦል ➔ ጎይታ ዳዊት እየ: 1ሳሙ 18፡8

   ለ. ሕጊ ብኸመይ እዩ ዝደክም? = ብጥልመት።
   - ❖ ብጥልመት ሕጊ ቃል ኪዳን ይፈርስ፡ ሚል 2፡14
   - ❖ ብጥልመት ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ይዓኑ፡ ሮሜ 2፡24
   - ❖ ብጥልመት ሕጊ ሃገር ይጠፍእ፡ ምሳ 29፡4

   ሐ. ሳዕቤን ሕጊ ምድካምከ እንታይ እዩ? =
   ብስጋን ነብስን ጉድኣት የስዕብ።
   - ❖ ኩነኔን መቕጻዕትን የምጽእ ሮሜ 1፡18
   - ❖ ጽልእን ሕጊ ኣልቦነትን ይገንን ማቴ 24፡10-12
   - ❖ ንፍጡር ተምልኽ ስም ኣምላኽ ተሕስር ሮሜ 1፡25
   - ❖ ምፍሳስ ደምን ሞትን ይበዝሕ 1 ነገ 19፡1

2. ሀ. ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣሎ።
   ዓማጺ ክዘርፍን ክዕምጽን ምስ መጸ ምስ ተዘራፊ ይበኣሱ። ዘሁ 16፡32

   ለ. ባእስን ክርክርን ኣብ ኩሉ ይለዓል ኣሎ። ዓማጽን ተዓማጽን ምስ ተበኣሱ ምትህልላኽን ክርክርን ይለዓል። መዝ 37፡8

   ሐ. ዓማጺ ንጻድቕ ይብለጸሉ ኣሎ። ዓማጺ ማለት መታለሊ፡ ሓሳዊ ፡ ቀታሊ ……ወዘተ እዩ። ሃብታም ንድኻ፡ ሓያል ንድኹም፡ በዓል ሥልጣን ንተራ፡ ጎይታ ንባርያ፡ ሓጥእ ንጻድቕ ይዕምጾ። ምኽንያቱ ዓማጺ ፍርሓት ኣምላኽ ስለ ዘይብሉ ብጉልበቱ ወይ ብሃብቱ (ጉቦ) ጌሩ ንቅኑዕን ጻድቕን ይብለጸሉ። ኢሳ 3፡5

3. ሀ. ሕጊ ደኸመ ማለት ሕጊ ኣልቦነት ቆመ ማለት እዩ።

   ለ. ፍትሒውን ጠፍአ ማለት ጸረ ፍትሒ ጠጥዐ ማለት እዩ።

   ሐ. ፍርዲውን ቀነነ ማለት ፍርዲ ሓሶት ሰሰነ ማለት እዩ።

ሕጊ እንተ ረጊጽካዮ ተመሊሱ ክረግጸካ እዩ።
ቃል ፓትርያረክ ኣቡነ እንጠንዮስ